ነቶም ኣብ ቀረባ ግዜ ናብ ሽወደን ዝኣቶኹም

Tigrinja

# ማሕበራዊ ልልይ

ንሽወደን ሓደስቲ ዲኹም፡ ከምኡ ምስ ትኾኑ ን 72 ሰዓታት ዝቕጽል ብዛዕባ ማሕበራዊ ልልይ ስልጠና ክትወስዱ መሰል ኣሎኩም። ብዛዕባ መሰልኩምን ግዴታኹምን ከምኡ ውን ብዛዕባ ናይ ሽወደን ዲሞክራስን፡ ሕብረተሰብ ከምይ ከምዝተወደበን ብዙሕ ክትምሃሩ ኢኹም። እዞም ሰልጠናታት ኸኣ ጽቡቕ ናብራ ኣብ ሽወደን ንኽትጅምሩ ብዙሓት ሓበሬታታት ክትረኽቡሎም ኢኹም።

እዚ ናይ ማሕበራዊ ልልይ ስልጠና ብቋንቋ ኣደ ወይ ብኻልእ ዝርድኣካ ቋንቋ እዩ ዝወሃብ። እዚ ስልጠና ነቶም ኣብ ሽወደን ዝኣተዉ ሓደስቲ ኣብ ሕብረተሰብ ሽወደን ኣብ ናይ ሰራሕ ዓለም ክጽምበሩ ክሕግዞም እዩ። እዚ ከኣ ክትሰምዑ፡ ክትሓቱን ክትዝትዩን ከኽእለኩም እዩ።

---

## ትሕዝቶ ስልጠና፤

ኣብ ኣከባቢ እስተኮሎም እቲ ስልጠና ሓሙሽተ ቴማታት ወይ ነጥብታት ይሽፍን

- ጥዕና
- ናይ ሽወደን ሓድሽ ነገር
- ስራሕን ትምህርትን
- ዲሞክራሲ
- ቆልዑን ስድራቤትን

## ኣብዚ ስልጠና መን እዩ ክሳተፍ ዝኽእል፤

ማሕበራዊ ልልይ ስልጠና ኮይኑ ካብ 18-64 ዓመት ንዝዕድሚኦም ሰባት ኣብ ቀረባ ግዜ ናብ ሽወደን ዝኣተዉ ብፍሉጥ ዕላማ ሃሊዎም ወይ ከኣ ብመኽንያት ዘመድ ዝኣተዉ እሞ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ዝትመዝገቡ ስደተኛታት (ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመት ናብ ምምሕዳር ከተማ ዝተመዝገቡ ዝምልከት እዩ)።

---





ማሕበርዊ ልልይ ዘይምልከቶም፥

- ዜጋታት ናይ ሓንቲ ካብ'ተን ኣብ ክሊ ቊጠባዊ ዞባ ኤውሮጳ ዝርከባ ሃገራት ወይ ስዊዘርላንድ
- ካብ ካልኣይ ደረጃ ንላዕሊ ዘለዉ ተማሃሮ
- ብስደት ዝመጹ ሰራሕተኛታት
- ንምብጻሕ ዝመጹ ተማሃሮን/ንምርምር ዝመጹን

ኣብ መወዳእታ ስልጠና ነፍሲ ወከፍ ተሳታፋይ ምስክር ወረቐት ይወሃብ።

ብዛዕባ እዚ ማሕበራዊ ልልይ ክትፍርሙ ምስ ትደልዩ ወይ ዝኾነ ይኹን ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ርኸቡና።
ኢ መይል: sam@stockholm.se

ማእከል ስልጠና ማሕበራዊ ልልይ ኣብ ከባቢ ስቶክሆልም ዝርከብ ሓባራዊ ቤት ጽሕፈት ኮይኑ ምስ ብዙሓት ምምሕዳር ከተማታት ብሓባር ዝቖመ እዩ። ብኽብረትኩም ንዝያዳ ሓበሬታ ብብዙሕ ቋንቋታት ዘራኽብ መካነ- መርበብና ብጽሑና። ኣድራሻና መካነ- መርበብ ፥ **www.nyistockholm.se** እዩ።.

ማእከል ስልጠና ማሕበራዊ ልልይ ኣብ ከባቢ ስቶክሆልም  ዝርከብ
ቲለፎን: 08-508 35 443 | ኢ መይል: sam@stockholm.se
መካነ- መርበብ: www.nyistockholm.se

CENTRUM FÖR
SAMHÄLLSORIENTERING
I STOCKHOLMS LÄN